# ክታበት ኣንጻር እዚ ሓዲሽ ኢንፍሉዌንሳ

*Tigrinska*

**ሕጂ ክታበት ኣንጻርዚ ሓዲሽ ኢንፍሉዌንሳ A(H1N1) ወሲድካ ኣሎኻ፡፡ ኣብዚ ጽሑፍ ምኽታብካ እንታይ ትርጉም ከም ዘልዎ፡ ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ውን ሓበሬታ ኣበይ ከም እትረክብ ተጻሒፉ ኣሎ፡፡**

## ብዛዕባ ኢንፍሉዌንሳ A(H1N1)

እዚ ኢንፍሉዌንሳ A(H1N1) እዚ፡ ኣብ ዓለም ዝላባዕ ዘሎ፡ ፓንደሚክ ኢንፍሉዌንሳ ዝበሃል ሕማም እዩ፡፡ ቕድሚ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ኢንፍሉዌንሳ ሰብ ኣይተታሕዘን፡ ስለዚ ድማ፡ ገና ኣንጻሩ ውን ተፃዋርነት ኣየተጠርየን ዘሎ፡፡ ስለዚ ካብቲ ናይ ብልሙድ ኢንፍሉዌንሳ ዘጋጥም፡ ሕጂ ብዝበዝሐ ሰባት ከምዝሓሙ ዘንፃላሉ ዘሎ ሓደጋ እዩ፡፡

እቲ ምልክቱ ድማ ንኣብነት፡ ከም ረስኒ፡ ምስዓል፡ ምንፋጥ፡ ቓንዛ ጎሮሮ፡ ቃንዛ ርእሲን ኣካላትን እዩ፡፡ ብቐጻሊ ድኻም ይስምዓካ፡ ከምልሰካን ከቕምጥካን ውን ይኽእል፡፡ እዚ ምልክታትዚ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ዝጥፍእ እዩ፡፡ ገለ ሰባት፡ ንኣብነት ጥኑሳት፡ ሕዱር-ሕማም ልቢን ሳምቡእን ዘለዎም ሰባት፡ ብጽኑዕ ክሓሙን ከም ሳዕቤን ናቱ ውን፡ ናይ ሳንቡእ-ረኽሲ ከጋጥሞም ይኽእል እዩ፡፡

## ብድሕሪ ክትባት ኣብ ኣካላትካ እንታይ የጋጥም?

ሰብ ክኽተብ ከሎ፡ ዘይንጡፍ ዝኾነ ኣካል ናይቲ ኢንፍሉዌንሳ እዩ ዚቕበል፡፡ በዚ ድማ ኣካላቱ መጻወሪ ናይዚ ሕማም ኢንፍሉዌንሳ ክጥሪ የኽእሎ፡፡ እቲ ዚወሃብ ክትባት፡ ውሑድ ብምኽኑ ሕማም ኣየስዕብን እዩ፡ ተጻዋርነት ንምጥራይ ግን እኹል እዩ፡፡ ስለዚ ዳሕራይ ግዜ እቲ ሕማም እንተለገበካ፡ እቲ ተጸዋርነካ ተበራቢሩ ስለ ዘሎ፡ ነቲ ናይ ኢንፍሉዌንሳ ቪሩስ ቅድሚ ምሕያሉን ቅድሚ ሕማም ምስዓቡን፡ ብህጹጽ ንምግጣሙ ይኽእል ማለት እዩ፡፡

## ክትባት ኢንፍሉዌንሳ A(H1N1) እንታይ ይከላኸል?

እቲ ኣንጻር ኢንፍሉዌንሳ A(H1N1) ዝወሃብ ክትባት ፓንደሚክስ፡ ንኽይለግበካ 90% ተጸዋርነት ይህብ እዩ፡፡ ኩሎም ክትባት ዝወሰዱ፡ ምሉእ ምክልኻል ኣለዎም ማለት ኣይኮነን፡፡ ብዙሓት ምስ ዝኽተቡ ግን፡ ዋላኳ ገለ ውሑዳት ሰባት ምሉእ ተጸዋርነት እንተዘይረኸቡ፡ ካልኦት ግን ካብቲ ናይ ኢንፍሉዌንሳ ምልጋብ ክድሕኑ ይኽእሉ እዮም ማለት እዩ፡፡

## ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣለዎዶ?

ከም ኩሉ ዓይነት መድሃኒታት፡ ፓንደሚክስ ውን ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፡፡ ኩሎም ዝተኽትቡ የጋጥሞም ማለት ግን ኣይኮነን፡፡ ጎድናዊ ሳዕቤናት ሕክምና ከይተገብረልካ፡ ባዕሉ ካብ 1-2 መዓልቲ ዘሎ ግዜ ይጠፍእ እዩ፡፡ እንተ ቐጺሉ፡ ወይ ኣብዚ ዘይተጠቕሰ ካልእ ሳዕቤን እንተ ተሰሚዑካ ግን፡ ምስ ቤትሕክምና ርክብ ግበር፡፡

- ብብዝሒ ዘጋጥም (ካብ 1 ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ 10 ክትባት ከጋጥም ዝኽእል) ሓፈሻዊ ቃንዛ፡ ምቕያሕ፡ ሕበጥ፡ ኣብ ኣካላት ክትባት ይዕንኩር፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ድኻም፡ ረስኒ፡ ቅርጥማት ኣብ ምዓጻጽፎን ጅማትን እዩ፡፡
- ዘጋጥም (1 ኣብ 100 ክትባት ከጋጥም ዝኽእል) ናይ ረስኒ ስምዒት፡ ኣብ ኣካላት ክትባት ስሓ ወይ ሕብሪ ምቕያር፡ ምርሃጽ፡ ቑሪቑሪ ምባል፡ ናይ ኢንፍሉዌንሳ ስምዒት ይገብረልካ፡ ምሕባጥ ጽኪ ኣብ ክሳድ፡ ቱሸቱሽ ወይ ረቃቒቶ ውን ይገብረልካ፡፡
- ሳሕቲ ዘጋጥም (ካብ 1 ንላዕሊ ኣብ 1000 ክትባት ከጋጥም ዝኽእል) ሸቕሸቕ፡ ኣብ ኢድ ወይ እግሪ ምድንዛዝ፡ ምትኻስ፡ ምዕውልዋል፡ ተቕማጥ፡ ተምላስ፡ ቅርጸት፡ ቀጨውጨው፡ ስሓ፡ ነድሪ ቆርበት፡ ሓፈሻዊ ቀጨውጨው ከምኡ ውን ድቃስ ምስኣን፡፡

## ብዝያዳ ክትፈልጥ ምስ ትደሊ?

ኣብቲ ዝተኽተብካሉ ኣሃዱ ኬድካ ተዘራረብ፡፡ ወይውን ኣብ 1177 ምስ ምኽሪ ኣብያተ-ሕክምና ወይ ድማ ምስ ምኽሪ ሕክምና "ሶሻልስትይረልሰን" ርግብ ግበር፡፡ እዚ ምኽሪ ኣብያተ-ሕክምና፡ ኣብ ቴሌፎን 1177 ብምድዋል ወይ ኣብ ዌብ ኣድራሻ www.1177.se ይርከብ፡፡



Jupiter Reklam, 2009.

SMITTSKYDDSINSTITUTET
Swedish Institute for Infectious Disease Control

LÄKEMEDELSVERKET
MEDICAL PRODUCTS AGENCY

1177
Råd om vård på webb och telefon

Socialstyrelsen